VERDAL KOMMUNE / ቨርዳል ኮሙነ

# ንኩሎም ወለዲ ኣብ መውዓል ሕጻውንቲ ዉላድ ዘለዎም።



እዚ ጽሑፍ ዝተዳለወ ብ ኣብ ቨርዳል ኮሙነ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት መውዓል ሕጻውንቲ ደቂ ወጻእተኛታት ዝርከብዎም ናይ መንግስትን ናይ ብሕትን ዘጠቓለለ እዩ።

# ናይ ኖርወይ መውዓል ሕጻውንቲ - እንታይ ይመስል?

ናይ ኖርወይ መውዓል ሕጻውንቲ ብመሰረት እቲ ብዕለት 17.06.2005 ንመውዓል ሕጻውንቲ ዝወጸ ጽሑፍ ሕግታት እዩ ዝሰርሕ።

እቶም ሕጻውንቲ ቓንቓ ኖርወይ ክመሃሩን መጻውቲ ኣዕሩኽቲ ክረኽቡን ናይ ወለዲ ሓላፍነት እዩ። ወለዲ ነቲ ናይ መመልከቲ ኦርኒክ ብምምላእ ደቆም ቦታ ኣብ መውዓል ሕጻውንቲ ክረኽቡ የመልክቱ። እታ ኮሙነ ድማ ብደብዳበ ገይራ ነቶም ኣመልከትቲ ኣበየናይ መውዓል ሕጻውንቲ ቦታ ከም ዝረኸቡ ትነግሮም። እቶም ወለዲ ድማ ብጽሑፍ ነቲ ዝተዋህቦም ቦታ ከም ዝተቐበልዎ ከረጋግጹ ኣለዎም።

እቲ ቀንዲ ትሕዝቶ ኣብ ናይ ኖርወይ መውዓል ሕጻውንቲ በብዓይነቱ ጸወታታት ምድላው እዩ። እቲ ስራሕና ብመንገዲ ጸወታን ጽቡቕ ክንክንን ጌርና እቶም ቆልዑት ብጽቡቕ ናይ ሓባር መንፈስ ክመሃሩ ምግባር እዩ።
ጸወታ ብድልየትካ ዝግበር ዕማም እዩ። ስለዚ ድማ እቶም ቆልዑት ግዜን ፣ ቦታን፣ መሳርያን፣ ክረኽቡ ናትና ሓላፍነት እዩ። ንሕና ዓበይቲ ኣብቲ መውዓል ሕጻውንቲ ዘሎና ምእንቲ ነቶም ቆልዑት ክንመርሖም እዩ።

ኣብ ዉሽጢ ይኹን ኣብ ግዳም ዝግበር ዕማማት ነቶም ቆልዑት ንዳሕራይ ግዜ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘጋጥሞም ምህንጣይን ምግዳስን ዘማዕብል እዩ።

# ርክብ ኣብ መንጎ ወለድን - መውዓል ሕጻውንትን

ንውላድካ ብስርዓት ክንከታተሎ ምሳኻ ወላዲ ዝኾንካ ጽቡቕ ርክብ ክህልወና የድሊ።

መውዓል ሕጻውንቲ ኣብ ዝጅመረሉ ግዜ ኣገዳሲ ዝኾነ ሓበረታ ኣብ ኦርኒክ ንመልእ ኢና።

እቲ ቆልዓ ኣብ መውዓል ሕጻውንቲ ክጅምር ከሎ ወለዲ ምስኡ ክኾኑ ኣለዎም። ወለድን ቆላዑን ብሓባር ኮይኖም ነቶም ሰራሕተኛታት ይፋለጥዎም ከምኡ ውን እቲ መዓልታዊ መደብ ናይቲ መውዓል ሕጻውንቲ። እቶም ሰራሕተኛታት ድማ ምስቶም ቆላዑት ወለዶም ኣብኡ ከለዉ ይላለይዎም። ምስቶም ሰራሕተኛታት ብሓባር ብምዝራብ መዓሰይ ከም ትኸዱን መዓሰይ ውን ከም ትምለሱ ትሰማምዑ።

እቶም ቆላዑት ምእንቲ ክላለዩን ኣዕሩኽቲ ክረኽቡን ኣብቲ መውዓል ሕጻውንቲ በብመዓልቱ ክመጹ ኣድላዪ እዩ።

### መዓልታዊ ርክብ
ወለድን ሰራሕተኛታት መውዓል ሕጻውንቲን በብመዓልቱ ንቆልዑት ከምጽእዎምን ክወስድዎምን ከለዉ ክራኸቡ እዮም። ኣብዚ እዋን እዚ ሓበሬታ ክትወሃሃቡ ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት ነቲ ቆልዓኻ ካልእ ሰብ እንተ ኮይኑ ዘምጽኦ ወይ ቆልዓ ጽቡቕ ከይደቀሰ እንተ ሓዲሩ ክንገር ኣለዎ። ስለምንታይሲ እቲ ቆልዓ ደኺሙ እንተኣልዩ መዓልቲ ከም ቀደሙ ክጻወት ኣይክእልን ይኸውን።

### ልዝብ ምስ ወለዲ
እዘን ኣኼባታት ዳርጋ 2 ግዜ ኣብ ዓመት እየን ዝግበራ። ወይ ድማ ኣድላዪ ኮይኑ ኣብ ዝተረኽበ ግዜ። ኣብዘን ኣኼባታት እዚኣተን ብዛዕባ ዉላድካን ኣብቲ መውዓል ሕጻውንቲ ከመይ ይኸይድ ከም ዘሎን ኢና ንዝቲ። ካብቲ ንዝትየሉ ገሊኡ ብዛዕባ ጸወታ ፣ ዕርክነት ፣ ምዕባለ ናይቲ ቆልዓ ከምኡ ውን ካልእ እቶም ወለዲ ዝደለይዎ ኣርእስቲ። ብወገን መውዓል ሕጻውንቲ ሓደ ሰራሕተኛ ክርከብ እዩ ብወገን ቆልዓ ድማ እቶም ወለዲ። (ግዜ ዝወስዶ 30 ደቒቕ ኣቢሉ እዩ)።

**ኣኼባታት ወለዲ**
እዘን ኣኼባታት እዚኣተን ኣብ ዓመት 2 ወይ 3 ግዜ እየን ዝግበራ። ወለዲ ናይ ኩሎም እቶም ቆልዑት ይርከቡ። ምናልባት ምስቶም ወለዲ ናይቶም ቆልዑት ንቤት ትምህርቲ ክኣትዉ ዝዳለዉ ዘለዉ ዝወሓደ ኣኼባታት ክህሉ ይኽእል እዩ። ወይ ድማ ነቶም ስደተኛታት ወለዲ ናይ በይኖም ኣኼባታት ይግበረሎም ይኸውን። ኣኼባታት ናይ ወለዲ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ኣርእስቲ ንኹሎም ቆልዑት ዝምልከት እዩ ዝዝቲ እምበር ብፍላይ ናይ ዉላድካ ጉዳይ ኣይልዓልን እዩ።

**ሕማም**

ቆልዓ ምስ ዝሓምም ኣብ ገዝኡ እንተ ጸንሐ እዩ ዝሓይሽ። እቲ መውዓል ሕጻውንቲ ንዝሓመመ ቆልዓ ብዝግባእ ክኣሊ ዓቕሚ የብሉን። እቲ ዝሓመመ ቆልዓ ድማ ነቶም ካልኦት ሕጻውንቲ ሕማም ከልግበሎም ይኽእል እዩ። እቲ ቆልዓኻ ናብ መውዓል ሕጻውንቲ ይኺድዶ ኣይኺድ ኢልካ ምውሳን እንተ ስኢንካ ነቶም ሰራሕተኛታት ናይቲ መውዓል ሕጻውንቲ ደዊልካ ሕተቶም።

## ቆልዓይ እንታይ ክኸደን ኣለዎ?

**ግዜ ሓጋይ**
ብጡጥ ዝተሰርሐ ክዳን ፣ ማልያ ፣ ካምቻታት ፣ ንጉያ ትጥቀመሉ ጫማ (joggesko) ወይ ሰንደል ሳእኒ።
ካብ ጽሓይ መከላከሊ ቆቢዕ ንነኣሽቱ ቆልዑት ጽቡቕ እዩ።

**ግዜ ቀውዒ**
ንፋስ ዘየሕልፍ ክዳን ፣ ርቕቕ ዝበለ ቆቢዕ ፣ ጓንቲ።
ኣብ ዝዘንበሉ ግዜ ንዝናብ ዝከላኸል ጃኬትን ስረን (regnjakke og regnbukse)። ብጡጥ ዝተሰርሐ ጎልፎ ወይ ዘማሙቕ ዓይነት ጃኬት (fleecegenser)።
ዘማሙቕ ካልስን ካብ ማይ ዝከላኸል ነዊሕ ሳእኒ።

**ግዜ ክረምቲ**
ዝተነፍሐ ዓይነት ክዳውንቲ (bobledress) ፣ ብጡጥ ዝተሰርሐ ጎልፎን ስረን ወይ ድማ ፍሊሰ ጎልፎን (fleecegenser) ፍሊሰ ስረን (fleecebukser) ፣ ጓንቲ ፣ ቆቢዕ ፣ ሻርባ። ንክረምቲ ዝኸውን ጫማ ፣ ረጊድ ካልሲ ፣ ብጡጥ ዝተሰርሐ ካልሲታት። ገሊኡ መዓልታት ስለ ዝዘንብ ካብ ዝናብ ዝከላኸል ክዳን ከድልየና እዩ።

**ግዜ ጽድያ**
ንፋስ ዘየሕልፍ ክዳን ወይ ካብ ዝናብ ዝከላኸል ክዳን (regntøy)። ኩነታት ኣየር እንዳ ወዓየ ብዝኸደ ዝወሓደ ክዳን ክንከድኖም ኣሎና።

ገለ ቁሩብ ክዳውንቲ ኣብቲ መውዓል ሕጻውንቲ ክትገድፉ ኣለኩም። ምኽንያቱ ኣብ ዉሽጢ ሓደ መዓልቲ ክዳን ምቕያር የድልየና ይኸውን እዩ።

ገለ ዘይፈለጥኩሞ ጉዳይ እንተ ኣልዩ ነቶም ኣብ መውዓል ሕጻውንቲ ዝሰርሑ ሰባት ክሕግዝኹም ሕተትዎም። ንኣብነት ቆልዓኹም እንታይ ዓይነት ክዳን ወይ መሳርሒ ከም ዘድልዮ ኣበየናይ ሹቕ ውን ከምዝርከብ ክንሕግዘኩም ድሉዋት ኢና።

## ልምድን  በዓላትን

እተን መውዓል ሕጻውንቲ (barnehagene) ነናተን ልምድን በዓላትን (høytider) ኣለወን።

እታ ናትካ መውዓል ሕጻውንቲ ንናትካ ስድራ ቤት ልምድን በዓላትን ከተብዕሎ ክትተሓባበራ ትዕድመካ። ብዛዕባ እዚ ምስቶም ሰራሕተኛታት ናይታ ቆልዓኻ ዝኸደላ መውዓል ሕጻውንቲ ተዘራረብ።

## ሕግታት

እቲ ቀንዲ ናይ ምዝገባን ምቕባል ቆላዑን ኣብ መውዓል ሕጻውንቲ ዝካየድ ኣብ ጽድያ (våren) ግዜ እዩ። ኣብ ሓደ መውዓል ሕጻውንቲ ቦታ ረኺብካ እንድሕር ተቐቢልካዮ ምስታ መውዓል ሕጻውንቲ ውዕል ኣቲኻ ማለት እዩ። እቲ ቆልዓ ክሳብ ትምህርቲ ዝጅምረሉ እዋን ነታ ቦታ ይሕዛ። ወይ ድማ ክሳብ እቲ ወላዲ ብጽሑፍ ኣይደልያን እየ ዝብል። ናብ ካልእ መውዓል ሕጻውንቲ ክትቅይር እንተደሊኻ ብጽሑፍ ከተመልክት ኣሎካ።

እንድሕር ለውጢ ኣብቲ ሰዓታት እቲ ቆልዓ ዝጸንሓሉ ክትገብር ደሊኻ ብጽሑፍ ነቲ ሓላፊ ከተመልክት ኣሎካ። ምኽንያት መመልከቲኻ ድማ ክግለጽ ኣለዎ።

እንድሕር እቲ ቦታ ኣብ መውዓል ሕጻውንቲ ዘይደሊኻዮ ወይ ከተቋርጾ ደሊኻ ነቲ ሓላፊ ብጽሑፍ ከተፍልጦ ኣሎካ። እዚ ክኸውን ዘለዎ ድማ ኣብ ዉሽጢ 21 መዓልታት ቅድሚ እቲ ቆልዓ ምቁራጹ እዩ። እንድሕር እቲ ተቋርጸሉ መዓልቲ ብድሕሪ ግንቦት 1 (1. mai) ዝውዕል ኮይኑ ናይ ወርሒ ሰነ (juni) ሕሳብ ከፊልካ ክትወጽእ ኣሎካ። ኣብዚ ጉዳይ ናይ ምቁራጽን ክፍሊትን ሕድገት ወይ ለውጢ ክግበረልካ እንተ ደሊኻ ናብቲ ሓላፊ ናይ መውዓል ሕጻውንቲ ኣመልክት።

### ዝኽፈተሉ ግዜ

እተን መውዓል ሕጻውንቲ ቁሩብ ዝተፈላለየ ዝኸፍታሉ ግዜ ኣለወን።
ኣብ ዉሽጢ ሓደ ዓመት ኩለን መውዓል ሕጻውንቲ ን 5 መዓልታት ብምኽንያት ናይ መደብ ምውጻእ መዓልታት (planleggingsdager) ዕጹዋት እየን።
ኣብተን ዝተፈላለያ መውዓል ሕጻውንቲ ዝዓጽዋሉ መዓልታት ዝተፈላለየ ክኸውን ይኽእል እዩ።
ምስቶም ሰራሕተኛታት ናይታ ቆልዓኻ ዝኸደላ መውዓል ሕጻውንቲ ተዘራረብ ወይ ድማ ኣብቲ ናይታ ቆልዓኻ ዝኸደላ መውዓል ሕጻውንቲ ወብሳይት (webside) ኣቲኻ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ።

### ዓመታዊ ዕረፍቲ

ኩሎም ቆልዑት ኣብ ዉሽጢ ሓደ ዓመት ናይ 4 ሰሙን ዕረፍቲ ክወስዱ ኣለዎም። ብዉሑዱ ናይ 3 ሰሙን ዕረፍቲ ክወስዱ ኣለዎም። ቆልዓ ዕረፍቲ ቅድሚ ምውሳዱ ምስቶም ሰራሕተኛታት ናይታ መውዓል ሕጻውንቲ ክትሰማምዑ ኣለኩም።
ወርሒ ሓምለ (juli) ዘይትኽፈላ ወርሒ እያ።

## ክፍሊት

ሀ. እታ መውዓል ሕጻውንቲ ወርሓዊ ዝኽፈል ሕሳብ (faktura) ትሰደልካ እያ።
እንድሕር ምኽፋል ደንጒኻ ድሕሪ ቀዳማይ መጠንቀቕታ ምርካብካ እሞ ድማ ነቲ ዘይተኸፍለ ሕሳብ ንምኽፋል ምስታ መውዓል ሕጻውንቲ ስምምዕ እንተዘይጌርካ ቆልዓኻ እታ ቦታ ክስእና ከም ዝኽእል ክትፈልጥ ይግባእ።

ለ. ነቶም ፍልይ ዝበለ ስነ ትምህርታዊ (spesialpedagogisk) ሓገዝ ዘድልዮም ቆላዑት እታ ኮሙነ ክሳብ እቲ ናይዚ ፍሉይ ሓገዝ ግዜ ዝውዳእ ኣብ ክንዲ ወለዲ ኮይና ትኸፍሎ እያ።